***ተቓውሞ ንኣኼባታት ህግደፍ***

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*
*ብበርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*ኣብ ሸወደን ጀርመን ክበሃል ዝወዓለ*

*ህግደፍ ብህዝቢ ኤርትራ ዘይተወከለ*
*ደቂ ኤረ ኣሰሩ ሲዒቦም ምስ በልዎ ተኣለ*
*ጃንዳ ህግደፍ መሕቢኢ ሲኢኑ እነሆለ..*

*ኣይትቕሰኑ ኣለዋና ኣለዉና ኣይበልናን ዶ*
*ፊት ንፊት ምስ ኮነ ዘይኮነ ብማዕዶ*
*ሕጂ ዶ ይሐይሽ ሐዙልናን ዶ ሐዙልናን ዶ*

*ሜድያታት ሸወደን ጀርመን*
*ናብ ደለይቲ ፍትሒ ኣቃሊበን*
*ብጉዳይ ኤርትራ ብዙሕ ተዛሪበን..*

*ብደገን ብውሽጥን ንሐርነት ንዳሎ*
*ደላይ ፍትሒ መሪር ጋዛ ድንብርጽ ከይበሎ*
*ኣብ ፍራንክፈርት ኤረና ዶ ብህግደፍ ትሕሎ*
*ኤረና ለብዘመን ሐዲኡሎ እዩ ዝጓዝም ዘሎ..*

*ኣገናዕ ንፍትሐዊያን ደቂ ኤርትረያ*
*ከደምቲስ ትሕሸዎ ጉጅለ ማፍያ*
*ከደምቲስ ጽባሕ ተእውዩ ተእውያ*
*ንዲክታቶር ምድጋፍ ዝወሰድዎ ሞያ..*

*ወይጦ ንሕና ንሱ ይብል*
*ሕድሪ ጠሊሙ ይኹብልል*
*ንሳ ተዕልል ንሱ ይድብል..*

*ብደለይቲ ፍትሒ ኣብ ዲያስፖራ*
*እግሪ እግሮም ንደገፍቲ ጭፍራ*

ቅሳነት ከሊኦሞም ደቂ ኤርትራ..

በልማማ ብህግደፍ እንዳ ተበደለ ኩሉ
ኣሻሐት ተበለጽቲ ተባህለ ክሉ ይውዕሉ
ወትሩ ውሑዳት ኣይውክለናን ዩ ክብሉ..

ብማዕዶ ዘይኮነ ብትሕዞ
ክሳብ ማዓስ ክንቅንዞ
ንኣርዮስ ንማንኪ ክነናዝዞ
ክበሃል ዊዒሉ ሐዞ ሐዞ..

ብናይ ደለይቲ ፍትሒ ተቓውሞ
ተልእኾ ማንኪ ኮይኑ ዘርሞ ዘርሞ
ፋሕ ኢሉ ፈሪሱ ናይ ህግደፍ ህድሞ
ንመራሒ ጭፍራ ርእሱ ከሕምሞ..

ኣብ ሽቱትጋርት ምስጢሮም ተቐሊዑ
ደላይ ፍትሒ ንኣገልገልቲ ጀንዳ በቲኑ ኮሪዑ
ተናዘዙ ጽባሕ ማንታ ማንታ ከይትነብዑ..

ገለ ከተርቲ ዝነበሩ ገለን ቀተልቲ
ምስ ጉጅለ ህግደፍ ገሮም ልፍንቲ
ትእዛዝ ወልቀ መላኺ ኣተግበርቲ..

ብውዕሎ ሆላንድ ጀርመን ሽወደን
ብተባዓት ደለይቲ ፍትሒ ተሓበን
ኣጃኺ ህዝቢ ኤርትራ ኣይትድነን
ብኤርትራዊያን ክእለ እዩ እንባ ገነን..

ተመሃሩ ናይ ህግደፍ ምስሌነ
ሰይ ሰይ ሕጂ ይእመን ዘይኣመነ
ተቓውሞና ኣብዚ ከምዘይ ተወሰነ
ኣብ ፍትሐዊት ኤርትራ ክፍደዩ ሕነ..

እሾኽ ጫዓ ህግደፍ ዘርባዓባዓ
ኣብ ሽቱትጋርት ብሑቡእ መርዓ
ብደለይቲ ፍትሒ ዳሶም ደም ነቢዓ..

*ገለን ሽታ ፈረንጂ ፈቱ ገለን ሽታ ዒባ ፈቱ*
*ሕጂ ዶ ይሓይሽ ከደምቲ ሽፋቱ*
*ልቦም ተደፊኑ የማን ጸጋም ዘይጥምቱ*
*እዝኖም ጸሚ ሙ ዓይኖም ተዓምቱ*
*በኣኹም ኤርትራዊ ማይ ቤት ሃውቲቱ..*

*ህዝበይ ካብ ተባህለ ኣዚርካ ሕሰብ*
*ን26 ዓመት ደድሕሪ ህግደፍ ዘብዘብ*
*ሕጂስ ከም ሰብ ሕሰብ ካብ ትዕዘብ..*

*ስደት ንግዚኡ እዩ ምቁር*
*ሓያል እዩ ፍቕሪ ናይ ሃገር*
*ከም ሰብ ሕልናኻ ዘቕስን ግበር*
*ብግዝያዊ ብልጭ ልጭ ኣይትዳናገር..*

*ሎሚ ውን ኣገናዕ ብዘይ ፍርሒ*
*ናይ ከለን ደለይቲ ፍትሒ*
*ኣብ ኣውሮጳ ፈሺሉ ሽርሒ*
*ናይ ጭፍራ ህግደፍ መምርሒ..*

*ደቂ ኤረይ ንሓርነት ተላዓሉ*
*ብንሕና ንሱ ዝብሉ ክይትታለሉ*
*ሳዕሲዒት ንህግደፍ ኣሊና ነርክበሉ..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን*